አለናቴክ
allenatech

ዓብይ ሕለም | ተግብር | መርኣያ ዅን

ትካለዊ መግለፂ

www.allenatech.net

መእተዊ:

ቴክኖሎጂ ከም ሃፍቲ ነዳዲ ተቐዲሑ ዘይውዳእ መሰረት ዕብየትን ድሕንነትን ሃገራት ካብ ዝኸውን ፀኒሑ ኣሎ። ቴክኖሎጂ ሂወት ደቅ-ሰብን ሰለጤንን ውፅኢታውነትን ኣሰራርሓ ትካላትን ኣብ ምቕያር ዕዙዝ ተራ ኣለዎ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ፣ ትካላት ንግዲ ከም ፍሉይ መወዳደሪ ዓቕሚ ብምውሳድ፣ መንግስታት ድማ ግልፅነትን ሰለጤንን ዘለዎ ግልጋሎት ንዜጋታት ንምሃብ ካብ ቀለልቲ ናይ ቴክኖሎጂ ውፅኢታት ክሳብ ልዑል ቴክኖሎጂ ኣብ ምጥቃም ይርከቡ። ካብዚ ዝተልዓለ ድማ፣ ቴክኖሎጂ ናይ ትሪሊዮን ዶላር ኢንቨስትመንት ክኸውን ኪኢሉ እዩ። መፃኢ ጊዜ ድማ፣ ኣብ ከይዲ ምዕባለ ዘሎ ማሕበረሰብ ብዝጥቀሞ እናማዕበለ ዝኸይድ ቴክኖሎጂ ስለዝግለፅ፣ ኩሉ ምንቅስቓስ ደቂ-ሰባት ብሳይንስን ቴክኖሎጂን ክምራሕን ናብ ዝለዓለ ብርኪ ምዕባለ ክበፅሕን ትፅቢት ይግበር። ብኻሊእ መዳይ፣ ትካላት ት/ቲ ሃገርና ብዙሓት ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ምሩቓት በቢ ዓመቱ እናመረቓ ይርከባ። ነዚ ዓብይ ሃፍቲ ዝኾነ ምሁር መንእሰይ ናይ ዕብየትናን ምዕባለናን ማእገር ጌርካ ምኻድ ወሳኒ እዩ።

ስለዚ፣ **ኣለናቴክ** ከባቢያውን ዓለማውን ኩነታት ብምፅናዕን መፃኢ ጊዜ ብምእማትን ማእኸል ፍልጠት፣ ቴክኖሎጂን ፍታሕን ብምኻን ማሕበረሰብና ናብ ዝበለፀ ማሕበረሰባዊ ኣነባብራን ትካላዊ ኣሰራርሓን ንምስግጋር ዓሊሙ ዝተጣየሸ ልዕሊ 1,600 ሰብ ኣክስዮን ዝሓዘ ትካል እዩ። ኣለናቴክ፣ ብ24 መስከረም 2011ዓ.ም ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብዝፀደቐ መመስረቲ ፅሑፍን መተሓዳደሪ ደንብን ዝተጣየሸ ማሕበር ኣክስዮን'ዩ። ብተወሳኺ፣ ኣለናቴክ ብሕጊ ኢ.ፌ.ዴ.ሪ መሰረት ብንግዲ ምዝገባ ቁፅሪ TG/MK/HAD/3/0008711/2011 ሕጋዊ ኣፍልጦ ረኺቡ ዝተመዝገበ ዋና ቤት ዕዮኡ መቐለ ዝገበረ ትካል'ዩ።

ኣለናቴክ ኣብ ዘርፊ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን (ICT)፣ ካብ ምምዕባል ፀገም ፈታሕቲ ዝኾኑ ሶፍትዌር ጀሚሩ ክሳብ ልዑል-ቴክኖሎጂ ምውናን ዝነጥፍ ዓብይ ትካል ንምፍጣር እናተንቀሳቐሰ ይርከብ። ነዚ ንምድጋፍ 'ውን፣ ኣብ መዳይ ትምህርቲ፣ ፍሉይ ኣካዳሚ ንምኽፋት ብሉፅ ግልጋሎት ትምህርቲ ኣብ 2017ዓ.ም ንምጅማር 'ውን ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ።

ስለዚ፣ እዚ ኢንቨስትመንት ናይ ሃገርና ዕብየትን ስግግርን ብናይ ሕድሕድና ተሳትፎ ክረጋገፅ ንምኽኣል፤ ካብዚ ሓሊፉ ድማ፣ ሃገርና ማእኸል ስሕበት ቴክኖሎጂ፣ ፍልጠትን ኢኮኖምን ኣብ ምግባር ዓብይ ተራ ከምዝህልዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ፣ ነዚ ልኡኽን ዕላማን ዝድግፍ ኩሉ ዝሳተፈሉ ማሕበር ኣክስዮን ስለዝኾነ፣ ኣክስዮን ብምዕዳግ እዚ ናይ ፅባሕ ትካል ክትውንኑ ንዕድም።

ዓብይ ሕለም—ተግብር—መርኣያ ኹን!

ኣድላይነት ምስረታ ኣለናቴክ:

- **ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ምፍታሕ**፡ ጠንካራን ዘተኣማምንን ኢኮኖሚ፣ ሓደሽትን ሰፊሕን ዕድላት ስራሕ፣ ብቁዕ ሓይሊ-ሰብ ምፍጣርን ድሕንነትና ምውሓስን ካብቲ ልሙድ ወፃኢ ዝኾነ መንገዲ ምኽታል ይሓትት። እዞም ብድሆታት ምፍታሕ ድማ ናይ ሓዚን ቀፃሊን ናይ ድሕንነትን ህላወን ኣጀንዳ'ዩ።

- **ከይዲ ምዕባለን መፃኢ ቴክኖሎጅን**፡ ናኖ ቴክኖሎጂ፣ ጀነቲክ ምህንድስና፣ ዳታ ሳይንስ፣ ኣርተፊሻል ኢንተሊጀንስ፣ ወዘተ ምስቲ ዘሎ ለውጢ ክንከይድ ወይ ድማ ካብ ዓለም ክንግለል ዘገድዱ ምዕባለታት'ዮም።

- **ከባቢያዊ ዕድላት**፡ ሃገራዊ ናይ ዲጂታል ስግግር ስትራተጂ፣ ዕብየት መሰረተ-ልምዓት ቴክኖሎጂ፣ እናወሰኽ ዝኸድ ዘሎ ጠለብ ውፅኢታት ቴክኖሎጂ፣ ዓብይ ዕብየት ምሩጫት ሳይንስን ቴክኖሎጅን፣ ቀሊል ካፒታል ኢንቨስትመንት ዝሓትት ምኻኑ፣ ወዘተ እቲ ኢንዳስትሪ ክጥጥዕ ዝሕግዙ'ዮም።

- **ባህግና**፡ ንባዕልናን ንህዝብናን ዘለና ባህጊ፣ ዘላቒ ዕብየት ዘምፅኡ ዓብይቲ መፍትሒታትን ዕድላት ኢንቨስትመንትን ክንእምት የገድደና።

ስለዚ፣ ኣለናቴክ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ፀገማትና ንምፍታሕ፣ ከይዲ ምዕባለን መፃኢ ቴክኖሎጅን ብምትንታን፣ ዘለዉ ከባቢያዊ ዕድላት ድማ ብምፅናዕ ናብ ባህግና ንምብፃሕ ሓጋዚ ማእኸል ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ንምፍጣር'ዩ ተጣይሹ።

ሽቶታት:

ኣለናቴክ ካብ ዘለዎ ራእይን ልኡኽን ብምልዓል፣ ዝስዕቡ ሽቶታት ንምዕዋት ተሊሙ ኣሎ:-

- ዲጂታል መፍትሒ ብምምሃዝ ኣብ ግልጋሎት ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ሱር በቆስ ለውጢ ምምፃእ።
- ምህዞ፣ ብሉፅነትን ትጉህነትን ምትብባዕ።
- ብቁዓት ሰብ ሞያ ቴክኖሎጂ ምፍጣር፣ ምስሓብን ምዕቃብን።
- ጀመርቲ መሃዝትን ተመራመርትን ሰብ-ሞያን ትካላትን ምትብባዕን ክዓብዩ ብሕብረት ምስራሕን።
- ማእኸላት ልህቀትን ምርምርን ከምኡ ድማ ማሕበራዊ ግልጋሎት ምድጋፍ።
- ኣብ ምፍጣርን ዕብየትን ሰነ-ምህዳር ቴክኖሎጂ ምንጣፍ።
- ናይ ትካልን ሰብ ኣክስዮንን ትርፍን ዘላቒ ዕብየትን ምርግጋፅ።

ዓውድታት ኢንቨስትመንት ኣለናቴክ:

ኣለናቴክ ኣብ ምምዕባል ዝተፈላለዩ ውፅኢት ቴክኖሎጂ (ብፍላይ ድማ፣ ናይ ግልጋሎት መንግስትን ትካላትን ዘዘምኑ መፍትሒታት [ERP/E-Government]፣ ኮር ባንኪንግ ሲስተም፣ መተግበሪ ክፍሊት [Wallet/Payment System]፣ ወዘተ) ብምንጣፍ ኣብ ምምዕባል ልዑል ቴክኖሎጂ ኣሚቱ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ብተወሳኺ፣ ንራእይ ኣለናቴክ ምዕዋት ወሳኒ ተራ ዘለዎን ናይ መፃኢ ዕብየትና ሰረት ዝኾነን ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ ንምኽፋት'ውን ምድላዋቱ እናዛዘመ ይርከብ። እዞም ዝተሓረዩ ዓውድታት፣ ከም ኢንዳስትሪ ኣዋፃኢነቶም ዝተረጋገፁ'ዩም፣ ምስቲ ዘሎ ናይ ከባቢና ናይ ሰላምን ልምዓትን ሃዋህው ግና ከቢድ ስራሕ ዝሓትት'ዩ።

ዓውዲ	ኣድላይነት	ስትታተጂካዊ ሽቶታት
ፊንቴክ	• ምስ ፋይናንስን ክፍሊትን ተተሓሒዙ፣ ኣብ ኩሉ ሂወት ደቂ-ሰብ ዓብይ ተራ ኣለዎ	• ተመራፂ ናይ ክፍሊት ሲስተም ምፍጣር ከምኡ ድማ ናይ ኢ-ኮመርስ ፕላትፎርም ምጅማር—ብኡ ኣቢልካ ድማ ናይ ንግዲ ስርዓት (ሂወት ደቂ-ሰብ) ቀሊል ምግባር • ሞባይል ናይ መፃኢ ጊዜ መፍትሒ ስለዝኾነ—ኣብ ኢኮኖሚ ዝህልወና ተራ ምዕባይ
ምምዕባል ምህርቲ ቴክኖሎጂ	• እናዓበየ ዝኸድ ዘሎ ምዝማን ኣሰራርሓ ትካላት ተደላዪ ይገብሮ • ናብ ልዑል-ቴክኖሎጂ ንምእታው ፅኑዕ ባይታ ይፈጥር	• ንልዑል-ቴክኖሎጂ ዕብየት ወሳኒ ዝኾነ ብቁዕ ሓይሊ-ሰብ ምዕባይ/ምስሓብ • ሰፊሕ ስራሕ ዕድል ምፍጣር
ኣካዳሚ	• ጡለብ ፅሬት ዘለዎ ትምህርቲ ልዑል'ዩ፣ ከምኡ ኮይኑ ድማ ክቕፅል'ዩ • ዕብየት ኣለናቴክ ምስ ዕብየት ዝተምሃረ ሰብ ዝተተሓሓዘ'ዩ	• ንዘላቒ ዕብየትና ወሳኒ ዝኾነ ብቁዕ ሓይሊ-ሰብ ምፍጣር • ምህዞን ብሉፁነትን ካብ ታሕቲ ጀሚርካ ብምስራሕ ክምዕብል ምስራሕ
ልምዓት ትሕተ-ቅርፂ	• ኩሉም ናይ ቴክኖሎጂ መፍትሒታት ብዜካ ዕብየት ልምዓት ትሕተ-ቅርፂ ውፅኢታዊ ኣይ'ኾኑን	• ዳታ ወሳኒ ዓቕሚ ስለዝኾነ—ምውናንን ምዕቃብን • ዓብዪ ዳታ ሰንተር ምውናን

ምህርቲ ኣለናቴክ፡

ኣለናቴክ ልዑል ዋጋ ዘለዎም ምህርቲ ቴክኖሎጂ ብምምዕባል ናይ ሕ/ሰብን ትካላትን ፀገማት ኣብ ምፍታሕ ይርከብ። እዞም ዝስዕቡ ንዕዳጋ ዝቐረቡ መፍትሒታት፣ ናብ ዲጂታላይዜሽን ዝግበር ስግግርን መሃዛይነትን ዘሳልጡ'ዮም።

ፈትሊ

ኢ-ገቨርመንትን ኢ.አር.ፒን ሲስተም

ናይ ትካላት መንግስትን ግልን ኣሰራርሓ ብምዝማን፣ ዝፀፈፈ፣ ግልፂ፣ 24/7 ዝሰርሕ፣ ጊዜን ድኻምን ቆጣቢ ዝኾነ ስርዓት-ምሕደራ ይተክል። ፈትሊ፣ ብዙሓት ግልጋሎት ናብ ሓደ ተመጋጋባይን ዝናበብን ስርዓት ምሕደራ ዘምፅእ ፍታሕ እዩ።

ሩፍታ

ኤሌክትሮኒክ ሜዲካል ሪከርድ

ተጠቃማይ ማእኸል ዝገበረ ናይ ሕክምና ምሕደራ ስርዓት ኮይኑ፣ ተሓከምቲ ጥዕነኦም ክከታተሉ፣ ሰብ-ሞያ ጥዕና ንውር ሓበሬታ ሒዞም ክሕክሙ፣ መራሕቲ ድማ ንፖሊሲን ክትትልን ዝሕግዝ ዝተዋደደ ፀብፃብ ክረኽቡ ዝሕግዝ መፍትሒ እዩ።

ሜንዞ

ኮር ባንኪንግ ሲስተም

ምሉእ ናይ ኮር ባንኪንስ ሲስተም ኮይኑ ብፍሉይ ትካላት ማይክሮ-ፋይናንስን ናይ ዕቋርን ልቓሕን ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ዘለዉን ግልጋሎት ባንክን ፋይናንስን ንምዝማን ዝማዕበለ እዩ።

ሰልዲ

ዋሌት/ፐይመንት ሲስተም

ዘተኣማምንን ቀሊልን ናይ ክፍሊት መተግበሪ ሲስተም ኮይኑ፣ ብሞባይል፣ ብድረ-ገፅን ብወኪላትን ክቐርብ ዝኽእል ግልጋሎት ክፍሊት ዝሓዘ'ዩ።

ምሕደራን ኣመራርሓን፡

ናይ ኣለናቴክ ዝለዓለ ኣካል ምሕደራ ሓፈሻዊ ጉባኤ እንትኸውን፣ እቲ ጉባኤ ድማ 3 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ቦርድ ኣመራርሓ ስራሕ ይሸይም። እቲ ቦርድ ሰፊሕ ዓቕምን ልምድን ዝወነኑ ሰብ-ራእይ፣ ብሞይኣም ብሉፃት ዝኾኑ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ-ስራሕ እናሰርሑ ዝመፁን ዝርከቡን ኣባላት ቦርድ ይምራሕ። ናይቶም ኣባላት ቦርድ ሓፂር ሞያን ልምድን ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ኣይተ ተስፋይ ገ/ሄር ኪ/ማርያም (ኣቦ ወንበር)

ልዕሊ 12 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎም፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ሓላፍነት እናሰርሑ ዝመፁ በዓል ሞያ እንትኾኑ፤ ኣብ ፋብሪካ ዓለባ ኣልመዳ ምክትል ስራሕ መካየዲ ብምኻን ዘገልገሉ ሓዚ ድማ ኣብ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዋና ፈፃሚ ዳይሬክተር ብምኻን እናሰርሑ ዝርከቡ'ዮም።

ዶ/ር ኣላዩ ብርሃኑ ገብሩ (ምክትል ኣቦ ወንበር)

ንልዕሊ 10 ዓመት ኣብ መንግስታውን ውልቀ-ትካል ጥዕናን እናገልገሉ ዝመፁ/ዝርከቡ፣ ብተወሳኺ ድማ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ብመምህርነትን ኣብ ሰብኣዊ ግልጋሎት ድማ ብወለንታዊነት ዘገልገሉ በዓል ሞያ'ዮም። ብተወሳኺ፣ ናይ ባዕሎም ትካል ጥዕና ብምጥያሽን ብምምራሕን ውፅኢታዊ ነጋዳይ'ውን'ዮም።

ኣይተ ሰሎሞን ተስፋዬ ሃ/ማርያም (ፀሓፊ)

ልዕሊ 12 ዓመት ኣብ ባንክን ፋይናንስን ኢንዳስትሪ ብላዕለዋይ መሪሕነት፣ ብፍላይ ድማ ብምክትል ፈፃሚ ስራሕ ኣብ ባንኪ ኣንበሳ ዝሰርሑን ሓዚ ድማ ኣብ ባንኪ ወጋገንን እናሰርሑ ዝርከቡ'ዮም።

ዶ/ር ኣርኣያ ኣብርሃ መድሃንዬ (ኣባል)

ላዕለዋይ ተመራማሪ፣ መምህር፣ ኣማኻርን መራሒ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ብምኻን ንልዕሊ 14 ዓመት ኣብ ዩኒቨርሲቲ መቐለን ካልኦት ትካላትን ዘገልገሉን እናሰርሑ ዝርከቡን'ዮም።

ዶ/ር ኣታክልቲ ኪሮስ ሓጎስ (ኣባል)

ንልዕሊ 22 ዓመት ብመሪሕነትን ኣማኻርነትን እናሰርሑ ዝመፁ፣ ብፍላይ ኣብ ደደቢት ማይክሮፋይናንስን ራያ ቢራን ብዋና ፈፃሚ ስራሕ ዘገልገሉ፣ ሓዚ ድማ ኣብ ኣ/ማሕበር ጎዳ ብዋና ፈፃሚ ስራሕ እናሰርሑ ዝርከቡ በዓል ሞያ'ዮም።

ኣይተ ተስፋሁነኝ ጉዕሽ ኣባይ (ኣባይ)

ንልዕሊ 15 ዓመት ብመሃንዲስነት፣ ኣሰልጣኒነት፣ ማናጀርነት፣ መሪሕነት ብምኻን ኣብ ኢትዮ-ቴሌኮም ዘገልገሉ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ብዙሓት ወፍርታት ዘተሓባበሩ እንትኾኑ፣ ሓዚ ድማ ዋና ኣካያዲ ስራሕ መይላ ሕ/ስ/ማ ኮይኖም ኣብ ምስራሕ ይርከቡ።



ንመሸጣ ዝቐረበ ኣክስዮን:

ኣለናቴክ ዝሃቀኖም ናይ ኢንቨስትመንት ትልምታት ንምትግባር፣ ተወሰኽቲ **16,000 ኣክስዮናት/ዕፃታት** ወይ ድማ መጠኑ **ብር 160,000,000** ዝኾነ ኣክስዮን ንመሸጣ ኣቕሪቡ ኣሎ። በዚ መሰረት፣ ኣለናቴክ ናብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ተሓቢሩ ዘሎ ሒሳብ ቁፅሪ ኣታዊ ብምግባር፣ ናይ'ዚ ማሕበር ኣክስዮን ኣባላትን ተረባሕትን ክትኮኑ ይዕድም።

ባንኪ	ሒሳብ ቁፅሪ
ወጋገን	0951636530301
ኣባይ	2802113223522010
ኣቢሲንያ	18776413
ኣዋሽ	1304280233200
ብርሃን	2500150086253
ቡና	1909601000205
ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ	1000260317427
ዳሸን	0308160592011
እናት	101111541217001
ህብረት	2490716546736013
ኣንበሳ	00310754127-38
ንብ	7000015895433

ወሳኒ ሓበሬታ:

* ዋጋ ሓደ ኣክስዮን/ዕፃ **ብር 1,000**
* እቲ ዝተሓተ ንመሸጣ ዝቐረበ መጠን ኣክስዮን **10 ዕፃ (ብር 10,000)**
* እቲ ዝለዓለ ንመሸጣ ዝቐረበ መጠን ኣክስዮን **2,000 ዕፃ (ብር 20,000,000)**
* ክፍሊት ግልጋሎት **8%**
* (1) ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ኣክስዮን ክፍፀም ዘለዎ፣ እቲ ማሕበር ኣክስዮን ኣብ'ዚ መግለፂ ትካል (Prospectus) ናብ ዝተሓበሩ ናይ ባንኪ ሒሳብ ቁፅርታት ጥራሕ ይኸውን። (2) ቅጥዒ መመልከቲ ዕድጊት ኣክስዮን ይምልኡ። (3) ኮፒ ካርዲ መለለዪ መንነት ወይ ንግዲ ፍቓድ ክተሓሓዝ ኣለዎ።

ንምንታይ ኣብ ኣለናቴክ ኢንቨስት ክገብሩ ንዕድም?

* ማሕበረሰባዊ ለውጥን ሽግግርን ንምምፃእ ዘለዎ ተስፋ
* ዓብይ ትርፊ ንምምዝጋብ ዘለዎ ሰፊሕ ዕድል
* ተኣማንነትን ብሉፅነትን ዘለዎ ማሕበር ኣክስዮን ምኻኑ
* መፃኢ ጊዜ ናይ ትምህርትን ቴክኖሎጅን'ዩ—ኣብዚ መዋእለ-ንዋይካ ምውዓል ብልሓት'ዩ
* ናይ ዓብይ ለውጢ ኣካል ዝኾኑሉ ዕድል ስለዝኾነ

መዘካኸሪ: ምሉእ ኮፒ መመስረቲ ፅሑፍን መተሓዳደሪ ደንብን ንምርካብ ብ shares@allenatech.net ወይ ድማ info@allenatech.net ይርከቡና።

ራእይ፡

ኣብ 2025ዓ.ም፣ መሪሕ፣ ተፅዕኖ ፈጣርን መሃዝን ዝኾነ ካምፓኒ ኣብ ኣፍሪካ ምፍጣር።

ልኡኽ፡

ማእኸል ፍልጠት፣ ቴክኖሎጂን ፈታሒ ፀገምን ብምኻን ማሕበረሰብና ናብ ዝበለፀ ህይወት ምስግጋር።

www.allenatech.net

ኣድራሻና፡

ህንፃ ማሕበር ልምዓት ትግራይ፣ 2ይ ደብሪ፣ መቐለ

(+251) 342 - 41 - 76 - 77

(+251) 929 - 26 - 26 - 26 / (+251) 901 - 98 - 97 - 67

info@allenatech.net

allenatech